እንተ ንሕና ንሕና
ልዕሊ ዝሃገረ ተዘርበ ታሪኽና
ከም ባንዴራ ሃገር ተወጠሐ ሱምና
ፍቕርና ቅሳነት ከም ፅላል ሞምና
ኣብ ሰላም ኣብ ፀላም ንፁር መንገድና
ሕድሪ ስውኣትና መዓዘ ኣዕቢርና?
ከመይልናስ ክንድቅስ ኣሕዋትና ቀቢርና?
ዝፈሰሰ ደምና ዝወደቓ ኣዕፅምቲ
ፍረ ማህፀን ወላድ ኣዶ ትግራወይቲ
ፍረ ክትከውን'ያ ኩላ በብሓንቲ
ዕድመ እንተ ሂቡና ደው ኢልና እንተኼድና
እንትርፈ ዕማሞም እንታይ ዕማም ኣለና
ሲሳይ ሕሸ (መሪጌታ ሃይሉ)
ካብ ቶሮንቶ ካናዳ

## መለስ ተጋጊኻ

መለስ ኣቦ ሓቂ መለስ ጎይታ ፍትሒ
መለስ ከብዲ ቃላይ ናይ ዘመንና ብልሂ
ኩሉ ከም ኣመሉ ክኢሉ ብሜላ
ተንከሽሕ ኣፈላላይ ደጊፉ ከም ባላ
ተዋህለለ ሽግር ኣበሳ ናይ ሃገር
ኣብ ማእገሩ ፀይሩ ባዕሉ ከምዘይስበር
ጉድ ገይሩና መለስ መፃኹ እናበለ
ኣመል ጅግና ኾይኑ ምጥፋእ እናታለለ
ፅባሕ ሎሚ ክንብል ኣያና እንትንፅበ
ሽልማት ለገሰ ኮይኑ ሓመድ ድበ
እንታይነይ ከ ከየምፅእ በኸየ ተዛሪበ
መለስ ዛንታ ዓለም ተነቐፍ ታራኻ
ህዝብታት ሃገርና ከርና ፈትዮምኻ
ወገሐ መሰየ እናመረቑኻ
መንእሰይ ወለዶ እንትፅበ ናዓኻ
ኣርሒቕካ መንገዲ ኮይኑ ውሳነኻ
ሎሚ ንፈለማ መለስ ተጋጊኻ
ዋሓዚ ሩባና ፍልፍል ማይ ተዘርገ
ንቡር ነይሩ ሎሚ መለስ እንትጋገ
ሕድሪ መራሒና ኣይነዕብርን!
ሲሳይ ሕሸ (መሪጌታ ሃይሉ)
ካብ ቶሮንቶ ካናዳ